# ነበርቲ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ እቲ ኣብ ትሕቲ፡ ዉሁድ ቅኒት...ንሃገራዊ ክብረት፡ ብዝብል ቴማ፡ ክሰላሰል ዝቐነየ፡ መበል 20 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ብዓወት ተዛዚሙ!

መበል ዕስራ ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ነበርቲ ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ ሰንበት 29 ግንቦት 2011፡ ኣብ ኣዳራሽ ኮንቨንሽን ሰንተር ብውዕዉዕን ድሙቕን ፍሱህን መንፈስ፡ ምዕሩግ ብዝኾነ ኣገባብን ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ በዓል ተቐማጠ ናይ ሰለስቲኡ ምምሕዳራት፡ ማለት ዋሺንግቶን ዲስን መሪላንድን ቨርጅንያን፡ ከምኡ'ውን ካብ ካልእ ምሕድግ ዝበለ ስፍራታት ዝነብሩ ንነዊሕ መገዲ ተጓዒዞም ዝተሳተፍዎ፣ ኣሽሓት ሃገራውያን ዜጋታት፡ ቖልዑን መንእሰያትን ዓበይትን፡ ነታ ብሃረርታ ክጽበይዋ ዝጸንሑ፡ ዓባይን ክብርትን ዕለት ምእንቲ እታ ባንደራን ንኽጽንብሉ ተረኺቦም ኔሮም፡፡

እቲ መደብ ከም ወትሩ፡ ናይ'ቶም ነዛ ብርሃን ዝኾለፀት ሕሰምን መከራን ዝቐንጠጠት ዕለት፡ ዝኸበረት ሂይወቶም በጅዮም ዘምጽኡልናን፡ ልእላውነታ ንምርግጋጽ ዝተሰውኡ ጀጋኑን፡ ብዝኽሮም'ዩ ብኽበሪ ተኸፊቱ። ሃገራዊት መዝሙር ድማ ብሓባር ተዘሚራ።



ኣቶ ግርማይ በርሀ ኣቦ መንበር በዓላት ሽማግለ፡ ናይ እንቛዕ ድሓን መጻኹምን ናይ ሰላምታን ቓል መልእኽትን መኽፈቲን ምስ ኣቕረበ፡ መድርኽ ናብ ኣቶ ብረሃነ ገብሪሂወት ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ፡ ወግዓዊ መግለጺ ቓል መንግስቲ

ኤርትራ ንተሳተፍቲ ከመሓላልፍ ተዓዲሙ፡ ናይ መድርኽ ቐሪቡ፡ እንቛዕ ሓጎሰና ናይ ዮሃና መልእኽቲን ሰላምታን፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ዕስራ ዓመታት እተሳላሰለ ኩለ-እንትናዊ ሱር በተኽ፡ ቑጠባውን ማሕበራውን ምዕባለን ዕብየትን ዝተረጋገጸሉ፡ ኣብ ነጻ ፖለቲካዊ መስመርና ጸኒዕና፡ ዝተፈላለየ ብድሆታት ሰጊርና ዝተዓወትናሉ መድርኽ ሓኾርና፡ ውጽኢቱን መርኣያኡን ድማ ናብ ዘተኣማምን ዝበርሀ መጻኢ መንጠሪ ባይታ ኮይኑ፡ ናጽነትና ሓቀይናን ህይወት ዘለዎ ዝጭበጥ ትርጉም ዝሓዘለ ምኳኑ ኣብሪሁ። ምስ ምሕያልና ዝቀላቐሉ ተጻብኦታት ድማ ከም ወትሩ ጎድኒ-ንጎድኒ ዘንጻላልወና ተርእዮታት ከም ምኳኖም መጠን፣ ሕጂ እውን ንኹሉ እንተታት ድልዋት ክንከውን በዚ ኣጋጣሚ ናይ'ዚ በዓል ኣዘኻኺሩ።ንኹሎም ነዚ ጽንብል ንምውዳብ ዝሰርሑን ዝጸዓሩን ድማ ኣመስጊኑ።

መራሕ መደብ መንእሰይ ሲሞነ ማርዮቲ፡ ነቲ መድርኽ ብምሓዝ፡ ነቲ ምሸት ዝተዳለወ ዝተፈላየ ፕሮግራማት ኣላልዩ፡ ሲዒቡ ኣቦታት ብያታዊ መሳርሒ እምብልታ ምስ ኣዴታት ተሰንዮም ባህላው፡ መእተዊ ጓይላን ሳዕሲዒትን ተጀሚሩ። ብምቕጻል ኩሎም ስነ ጥበባውያን ልዑል ክእለቶም ዘፍሰስሉ ምርኢት ሙዚቓን ቃነይቲ ካብ ነንሕድሕድ ዝሓለፉ ገዳይም ዘየምትን ሙዚቐኛታትን፡ ካብ'ተን ንምርኢት ዝቐረባ ሙዚቃዊ ድራማን ተዋስኦታን ድማ “ኤሩና” ብዓበይቲ፡ “ዘይነጽፍ ውርሻ” ድማ ብትሕቲ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ዝዕሚኦም መንእሰያት ቀሪበን። ህዝቢ በቲ ዝቐረበሉ ትሕዝቶ፡ ክዛናጋዕ ክስዕስዕ፡ ለይቲ ኣጋ ወጋሕታ ኮይኑ፡ ክሳብ ሰዓት ክልተ እቲ ጽንብል ብምቕጻል፡ ናይ ስንብታ ሰዓት ኣኺሉ፣ ተሳተፍቲ ጽንብል ኣብ ነንሕድሕዶም ናይ ስንብታ ሰላምታ እናተለዋወጡ፡ ንዓመታ ኣብ ዝበለጸን ዝደመቐን በዓል ናጽነት የራኽበና እናተበሃሃሉ ብፍስሃን ደስታን ክሰናበት እርአ ነበረ። ጽንብል መዛዘሚ ናይ'ቲ ዓሰርተ መዓልታት ክካየድ ዝቐነየ መደብ 20 ዓመት በዓል ናጽነት በዚ ክዛዘም ከሎ፣ እቲ ኝቕድሚኡ ክካየድ ዝቐነየ ንጥፈታት ግን፡ ብፍልይ ዝበለ ምድላዋት እዩ ተታሒዙ ኔሩ።



ንዓሰርተ ተኸታታሊ መዓልታት ዝቕጽል መደባት ዝሓቖፈ መደብ፡ ብዕለት 20 ግንቦት 2011፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከል ኤርትራውያን ዝጀመረ፣ ኣባላት ኤምባሲ ኣብ እተረኸብሉ፡ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ዝተሳተፎ፡ ብምዕሩግን ምውቕን ብፍሱህ ወኒን እዩ ተኸፊቱ፡፡ እቲ ኣደራሽ ብዝተፈላለየ ዕምባባታትን ሃገራዊ ቅርስታትን ኣሳእልን ወቒቡን ተሰላሊሙን ነቲ ምሸት ዝያዳ ሰሓቢ ብዝኾነ፡ ሽሻይ ኣዴታት መኸተ ከም ወትሩ ንተሳተፍቲ ዘይተፈልዮ፡

ብዝተፈላለየ ሃገራዊ ደርፍታትን ተሰንዩ፤ ዮሃና ናይ 20 ዓመት ናጽነትና ተጨሪሑ፡ እንቛዕ ኣብ'ዚ ኣብጽሓና ናይ ጽቡቕ ትምኒት ብምልውዋጥ፡ ንዓሰርተ መዓልታት ዝቐጽል ጽንብል ዝፈለመት ኣየር ናጽነት ዝዓሰላ ምሸት እያ ኔራ።

ንጽቢሒቱ ቀዳም ዕለት 21 ድማ ኣዴታት መኸተ፡ ወርሓዊን ንኽብሪ ናጽነትን ዘዳለውኦ ድራር ኣአንጊደን። ሲዒቡ ብምቕጻል፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልታት ብተርታ ተሰሪዑ ዝነበረ መደባት በቲ እተመደበሉ ዕለትን ሰዓትን፡ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራውያን ውድባትን ማሕበራትን፡ ብሕታውያን ትካላትን፡ ዝተፈላለየ ምንቅስቓስ ዘሰላስላ ሓይሊ ዕማም ጉጅለታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ'ዚ 20 ዓመታት ከካብ ዝጀመራሉ፡ ከካይድኦ ዝጸንሓ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን ገምጋምን ሚዛን ስርሓትን ውጽኢቱን ብድሆታትን ንመጻኢ ዝትግበሩ መደባትን፡ ንተዓዘብትን ተሳተፍትን ኣቕሪበን። ሰንበት 22 ግንቦት፡ ብሃገራዊ ማሕበር ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዋሺንግቶንን ከባቢኡን ዝተዳለወ ኣስተምህሮ፡ ንጉዕዞአን ዝድህስስ ምንቅስቓስ ዘሰላሰሎ ዕማማትን መደባትን ዝጽበየን ስርሓት ብዝርዝር ኣቕሪበን።
ቀጺሉ ሰኑይ 23 ግንቦት፡ ህግደፍ ጨንፈር ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኡን፤ ሰሉስ 24 ግንቦት ድማ ኣብ'ቲ ቐንዲ መዓልቲ ናጽነት፡ ድሕሪ ቐትሪ፡ ኣብ ሆተል ኤምባሲ ስዊት፡ ንኣርባዕተ ሰዓታት ዝኸደ መደብ፡ ብርክት ዝበሉ ወጻኢተኛታት ዘሳተፈ
"ምንዳይ ሰላም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ" ብዝበል ኣርእስቲ ዝተዳለወ፡ ብማሕበር ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዝእለ ዋዕላ ክቓናዕ ከሎ። ንምሸቱ ኣብ ማእከል ኤርትራውኣን ዝተዳለወ፡ ፍሉይ ጽንብል ዝተፈላለየ መዛናግዕን ግጥምታትን ትልሂትን ተኻይዱ፡፡



እቲ መደባት ብቐጻሊ ክሳብ ዕለት 27 ግንቦት ብተኸታታሊ፡ ማሕበር ሕድሪ፡ ንማሕበሮም ዘርኢ ካብ ኣጀማምርኡን ኣተሓሕኢ ጀሚሩ ክሳብ'ዚ በጺሕዎ ዘሎ ምዕባለ፡ ዘሰላሰልዎ ስርሓትን ዝጽበዮም ብድሆታትን ኣፈታትሕኡን ብኣደ መንበሩ ብመንእሰይ ሰሚራ ተስፋይ፡.ሰፊሕ መብርሂ ቐሪቡ፡፡ ሓይሊ ዕማም መኸተ ዋሽንግቶን ዲሲ እውን ብኣባላቱ፡ ሓፈሻዊ ንጥፈታትን ህዝባዊ መኸተን፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመትን መንፈቕን ዘሳላሰለቶ ስርሓትን ንመጻኢ ተታሓሒዞም ዘለዉ መደባትን ዘጠቓለለ ዝርዝርን መግለጺ ኣቕሪቦም።

ብሕታውያን ማሕበራት ወፍርን ኢንተርፕራይስ ኤርትራ፡ ካልኦት ኣብ ልቓንሕ ውህለላን ዝሳተፉ ትካላትን ሞያውያን ኪኢላታትን ድማ፡ ንኤርትራውያን ዜጋታት ኣርባሒ ዝብልዎ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላት ቁጠባዊ ከውፍሩ ዝሕብር ምኽርን ኣስተምህሮን መደባት ኣቕሪቦም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መደብ፡ እተን ወትሩ ዘይሕለታት ኣዴታት መኸተ ንተሳተፍቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መደብ፡ ንመዘናግዒ ዝኸውን ከይረብረባ፡ ናይ ቡንን ቁርስን ትሕዝቶአን ኣአንጊደን እየን።

  ቀዳም 28 ኣብ ሓደ ሰፊሕን ልሙዕን ጎልጎል፡ ሰንደቕ ዓላማና ብዙርያ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ተተኺላ እናኣምበልበለት ዜጋታታ ክትቅበል፡ እቲ ስፍራ ብባህላዊ ስልማት ተጸባቢቑ፡ ናይ ተንዳ ዳሳት ተደኲኑ፡ መዛናግዒ ተዋዲዱ፡ መግብን መስተን ተቐሪቡ፡ እቲ ቦታ በቢቑሩብ ክመልእ ክትሪኢ፡ ቅድሚ ምጅማሩ  ሃገርገር ዝብል ዝነበረ፡ ድሕሪ ሓጺር እዋን፡ እቲ ጽቡቕ ህዝቢ ኣብ'ቲ ጽቡቕ ቦታ ነቲ ዓቢን ክቡርን ፌስታ ናጽነት ከማዕርግ ምልእ ምስ-በለ፤ ሰባት፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ምውቕ ሰላምታ...ዮሃና...እንቛዕ ኣብ'ዚ ኣብጽሓና፡ ጽቡቕ ትምኒት ሰናይ መግለጺ ክለዋወጡ፡ ጥዕናን ሃለዋትን ክተሓታተቱ፡ ነቲ ከካብ ገዝኦም ሒዘምዎ ዝመጹ ሽሻይ ተማቒሎም ጸበል ናጽነት ብሓባር ክቐምሱ ትሕዝቶ ክካፈሉ ክትርኢ ምልኣት ዓይኒን መንፈስን ዝዓሰሎ፡ ሃዋህው ተፈጥረ።



ኩላ ኤርትራዊት ስድራ-ቤት ምስ ደቃ፡ ብብዝሒ ቖልዑን መንእሰያትን፡ ነቲ ጽባቐኣ ክትድህስ ነቲ ሜዳ እናኾለለት፡ ነቲ ዕለት ዝተዳለወ ዝተፈላለየ መዘናግዒ መደባት ንኽዕዘቡ ኣብ'ቲ ገፊሕ ጎልጎል፡ ኣብ በበይኑ ኩርናዕ ንነንበይኑ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ዳስ ሃገራዊ ማሕበራት ደቂ-ኣንስትዮ ጸኒሖ ናብ ስፖርት፡ ኣብ ስፖርት ጸኒሖ መደብ ትልሂትን ሙዚቃን መዝሙር ቖልዑን መንእሰያትን፡ ምርኢት ፍሉይ ክእለት፡ ምርኢት ቅብኣ ስእልን፡ ዳስ ባህላዊ ቅርስን፡ ብልዕን መስተን፡ ተኣኻኺብካ ኣብ ንንሕድሕድካ ዕላልን ወግዕን ሰሓቕን፡ ሕጻውንቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጸወታታት ተጸሚዶም፡ ኣብ ሜዳ ናጽነት ክንዬዩን ክዘሉን ዝርኣየሉ ሳሕቲ ህሞት፤ ህሞት ናጽነት።

ኣብ'ዚ ዕለት እዚ፡ ኤርትራውያን ወነንቲ ብሕታዊ ትካላት ብወገኖም፡ ኣብቲ ሜዳ ድኳናት ዘርጊሖም፡ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ መሸጣ ኣቕሑን መግብን መስተን ብምቕራብ ድሌት ተሳተፍቲ ኣዕጊቦም።
ዕለተ ቖጻም ንሰብ ናጽነት ሓጺር'ያ ኔራ፡ እታ ተራር ጸሓይ ዚሒላ፡ ናብ ቦታኣ ክትኣቱ ክትደንን ጀሚራ፡ ሰባት ናብ'ታ ንጽቢሒቱ እትበርኽ መዓልቲ፡ መዛዘሚ በዓል ናጽነትና መደብ ብምድሃብ፡ ሓበሬታ ክለዋወጡን ክጥይቑን፡ ጉዕዞ ነናብ ገዛኻ ኮይኑ፡ እታ ውቀብቲ ዕለት ድማ፡ብሰላምን ሓጎስን ሓለፈት።

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ጽምብል ብኣጋጣሚ፡ ብፍሉይ ዝጥቀስ፡ ዶክቶር ዓንደማርያም ገብረሚካኤል ምክትል ዲን ቤት ትምህርቲ ኦሮታ፡ ሰንበት 20 ግንቦት፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ሰሚናር ኣከይዱ ኔሩ፤ ቤት ትምህርቲ ሕክምናን ኦሮታ በጸሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለን፡ ብድሕሪ ሕጂ ከታኣታትዎ ምድላዋት ዝገብረሉ ዘሎ ክፍሊ ሕክምና ስኒን፡ ባዮ-መዲስንን እንታይ ከምዝመስል፡ ተራ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ሳይንቲስት ኤርትራውያን ምስ'ዚ ሓድሽ መደባት እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ዝጠቅስ ኣርእስቲ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ብተወሳኺ ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ዋሺንግቶን ዲሲ፡ ቪንሰንት ሲ ግረይ ናይ ዮሃና መልእክቲ ሊኢኹ፤ ማርያ ኤልየት ምስ በዓል ቤታን፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድና መንግስቲ ኣመሪካ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ሰንብት ጽንብል ተረኺባ ኔራ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን በዓላት ሽማግለ።